


## ጊደኹም ውፈሩ ኤርትራውያን፡ ኣውፈሩ

ኣውፍሩ ኤርትራውያን ውፈሩ
ሃገር ትተሃነጽ ተጸምበሩ
ስራሕ ኣብ ሃገርና ፍጠሩ
ሰማእታት ብግብሪ ይዘከሩ

ኣብ ድንግል መሬትኩም ተበራበሩ
ናይ ምጣነ ሃብቲ ማርሻ ቐያይሩ
ቱሪዝም ሕርሻ ህንጻታት ኣትርሩ
ዝቐነየ ወፍሪ ይረአ ምስጢሩ

ኣውፍሩ ኤርትራውያን ዶላር ኣሳግሩ
ንዘይፍትሓዊ ማዕቀብ ብስራሕ ቕበሩ
መጻኢ ዕድልኩም ባይታ ኣተግብሩ
ምስ ርምስቲ ዓለም ጾምኩም ከይትሓድሩ

መኪቱ ሃገራውያን ጊደኹም ኣውፍሩ
የቕንየልና በሉ መስዋእቲ ኣኽብሩ
ህይወት ኣብ እተኸፍለሉ ምእንቲ ሰብ ክብሩ
ገንዘብ ኣይንታይንዩ ምስ ጊዜ ምኽሩ !

ርሑስን ሰላም ዝተመልኦን ሓድሽ ዓመት ንህዝቢ ኤርትራ!

ዘልኣለማዊ ዝኽሪን ክብሪን ንሰማእታትና !
ክብሪን ሞገስን ንሓይልታት ምክልኻልና!
ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ !

ኣማኑኤል ተስፋማርያም
ዓመት ህንጻን ወፍሪን 2013